# ኣብ መንጎ ቀዳማይን ካልኣይን ክታበትን ዘሎ ጋግ ግዜ ክናዋሕ እዩ

**ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብዘሕለፉዎ ምሕጽንታ ኣብ መንጎ ቀዳማይን ካልኣይን mRNA-ክታበታት (Pfizer-BioNTechን Modernaን) ዘሎ ጋግ ግዜ ብምንዋሑ ንኩሎም ትሕቲ 65 ዝዕድሚኦም ሰባት ክሳብ ሰለስተ ኣዋርሕ ግዜ ትጽቢት ክህልዎም እዩ። እዚ ነቶም ካልእ መሰረታዊ ሕማማት ዘይብሎም ሰባት ጥራሕ ዝምልከት ኢዩ። ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ክሊ ዕድመ ካብ 18 ክሳብ 44 ዓመት ንዝርከቡ ሰባት ሓንጺጾሞ ዘለዉ ክውንነታዊ መደብ ክታበት ካብቲ ዝተጸበዩዎ ክሳብ ሓሙሽተ ሳምንታት ኣቐዲሞም ክኽተቡ ይኽእሉ እዮም ዝብል ግዝያዊ ግምትታት ኣሎዎም።**

እዚ ምሕጽንታ ካብ ሰኑይ 3 ግንቦት ኣትሒዙ ዝትግበር ኮይኑ ንቅድሚኡ ዝተወሰኑ ውሳኔታት ዝጸሉ ኣይኮነን። እዚ ማለት ከኣ እቶም ቀዳማይ ክታበት ተኸቲቦም ካልኣይ ክታበት ንክኽተቡ ቈጸራ ዝሓዙ ሰባት ቈጸርኦም ኣይክቕየርን እዩ። ሕጂ ዘሎ ናይ ግዜ ጋግ ሽዱሽተ ሳምንታት ኰይኑ ኣሎ።

– እዚ ምሕጽንታ ሎሚ ምዓልቲ እዩ ካብ ትካል ህዝባዊ ጥዕና መጺኡና፡ ንሕና ድማ ክንክተሎ ወሲንና ኣለና። እቲ ናይ ግዜ ጋግ ምስ ተናውሐ ኣቐዲሞም ክታበት ዝኽተቡ ሰባት ክበዝሑ እዮም። እዚ ከቢድ ሕማምን ሞትን ኣብ ምዕጋትን ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ለብዒ ንምቕናስን እጃሙ ከበርክት እዩ ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ብዛዕባ ክታበታት-mRNA ደሊብናዮ ዘለና ሓድሽ ኣፍልጦ ሽዱሽተ ሳምንታት ምስ ሓለፈን 12 ሳምንታት ምስ ሓለፈን ኣብ ሰውነትና ዘሎው ብዝሒ ጸረ-ነፍሳት ዳርጋ ዝኾነ ፍልልይ ከምዘይብሉ እዩ። ስለዚ እዞም ቀዳሞት ክታበታት ምስ ተኸተብናዮም ኣብተን ቀዳሞት 12 ሳምንታት ናይ ምክልኻል ብቕዓቶም ልዑል ኢዩ ዝኸውን ዘሎ።

– ምሉእ ክታበት ንምኽታብ ኩላትና ካልኣይ ክታበት ኣብ ሰዓቱ ክንወስዶ ኣገዳሲ እዩ ብምባል ሀይየ ብወገኑ የስምረሉ።

ግዝያዊ ግምትታት ትካል ህዝባዊ ጥዕና ከም ዘረእዮ ኣብ ክሊ ዕድመ ካብ 18 ክሳብ 44 ዓመት ዝርከቡ ሰባት ምስቲ ህሉው ትንቢታዊ መደብ ብምንጽጻር ሓሙሽተ ሳምንታት ኣቐዲሞም ቀዳማይ ክታበት ክኽተቡ ከምዝኽእሉ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ካብ 19 ክሳብ 25 ሓምለ ዘሎ ሰሙን ኣብ ክንዲ ካብ 23 ነሓሰ ክሳብ 29 ነሓሰ ዘሎ ሰሙን ኣቐዲሞም ክኽተቡ ኢዮም ማለት እዩ።

ድሕሪ ጸብጻብ ኮሚቴ ሆርላንድ ብ10 ግንቦት ምቕራቡ ክታበታት ኣስትራዘኔካን ያንሰንን ክንጥቀመሎም እንተደኣ ጀሚርና ንፍጥነት ግስጋሰ ክታበት ዝያዳ ክቃልጥፎ ይኽእል እዩ።